Tigrinja



# Vulvamottagning

## Angereds närsjukhus

### ፍሉይ ክሊኒክ ማህጸን።



VÄSTRA GÖTALANDSREGIONEN

# Vulvamottagning Angered

Vulvamottagning Angered ፍሉይ ናይ ማህጸን ክሊኒክ ኮይኑ ነዞም ዝስዕቡ ተርእዮታት ምስ ዝህልወካ ተወከስ-

- ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ  ነዊሕ ግዜን ዕምቈት ዘለዎ ብርቱዕ ቃንዛን ስቓይን ምስዝህሉ።
- ብሰንኪ ምኽንሻብ ብልዕቲ/ግዝረት ዝመጽእ ጸገማት።

ኣብዚ ምሳና ሓካይም ማህጸን፡ መሕረስቲ፡ ኣማኸርቲ፡ ተመራመርቲ ጾታዊ ርክብ፡ ፊዝዮተራፒን ከምኡውን ሓጋዚ ኣለይቲ ሕሙማት ኣለውና።

## ክልተ ክፋላት ተርእዮ

### ስቓይ/ ቃንዛ

እቲ ዓሚቅ ስቓይ ነቶም ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ ንነዊሕ እዋን ናይ ቃንዛ ምልክታት ዘርእዩ መጸምዲ ኢዩ።(ቩልቮዲኒ ወይ ቫጂኒዝም) ተባሂሉ ክግለጽ ይካኣል እዩ።

ነዚ ናይ ነዊሕ እዋን ቃንዛን ጸገማትን ንምፍዋስ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ንንውሕ ዝበለ ግዜን ምስ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ሰብ ሞያ ብምትሕብባር ሕክምና የድሊ ኢዩ። እቲ ሕክምና ምስቲ ናይ ውልቀ-ሰብ ኩነታት ዚሰማማዕ እዩ ዝኸውን። ናብቲ ክሊኒክን ባእካልን ብኤለክትሮኒካዊ ኣገባብ ምብጻሕን ክገብሩ ንዕድም ኢና። ብጕጅለ ኄንና እውን ኣፍልጦ vulvaskola ንህብ ኢና ።

### ምኽንሻብ/ግዝረት

ምኽንሻብ ዓል ኣንስተይቲ /ግዝረት ኣብቶም ብልዕቲ ምቍራጽ/ግዝረት ዘጋጠሞም ሕሙማት ዘተኰረ እዩ።

እዚ ብሰንኪ ምኽንሻብ/ብልዕቲ ዓል ኣንስተይቲ ምቍራጽ/ግዝረት ዝመጽእ ጸገማት ዝተፈላልየ ዓይነት ክህልዎ ይኽእል እዩ። ንኣብነት፡ ኣጸጋሚ ዝኽርታት ምጕልንጬዋ፡ ጻዕረ ሽንቲ፡ ስቓይ ኣብ እዋን ጽግያትን ኣብ ጾታዊ ርክብን ክጥቀስ ይካኣል። ስለዚ ሓገዝ ምስዘድሊ፡ ኣካላዊ ጸገማት፡  መጥባሕቲ፡ ምኽሪ ከምኡውን ምኽሪ ብዘረባ ክንሕግዝ ንኽእል ኢና ። ንሕና ሰፊሕ ተመክሮ ኣሎና፡ እዚ ኻኣ ኣደራዕ ምኽንሻብ ዝኾና ብዙሓት ሰባት ክንራኽብ ዕድል ረኺብና ኢና።

VÄSTRA GÖTALANDSREGIONEN



## ብዛዕባ ስቓይ ብልዕቲ/ቩልቫ

ኣብ ብልዕቲ/ቫልቫ ዘሎ ስቓይ ብዝተፈላልየ መንገዲ ክርአ ይከኣል ኢዩ ። ናብ ብልዕቲ ወይ ርሕሚ ገለ ነገር ከተእቱ ምስ እትደሊ ሳሓ፡ ናይ ምቅጻል ስሚዒት  ቃንዛ ክስማዓ ይኽእል።

ንኣብነት እቲ ቓንዛ ብሰንኪ እቲ ኣብ ከባቢ ብልዕቲ/ቩልቫ ዘሎ ናይ ቃንዛ መትንታት ኣዝዩ ተነቃፊ ስለ ዝኾውን ወይ ከኣ ዘይልሙድ ውጥረት ዝመልኦ ባይታ ጎሎ ስለ ዘሎካ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እዚ ስቓይ እዚ ኣብ ከም ጾታዊ ርክብ፡ ምጥቃም ታምፖን፡ ምዝዋር ብሽክለታ፡ ፈረስ ምስራር ወይ ኣብ እዋን መርመራ ማህጸን ዝኣመሰለ እተፈላለየ ኵነታት ክርአ ይከኣል ኢዩ።

ቩልቮዲንያ ወይ ቫጂኒዝም ዚብሃል ሕማም'ዩ ኢልካ ንምንጻር ኣቀዲምካ ኻልእ ጠንቂ ስቓይ ኪውገድ ኣለዎ።

## ብዛዕባ ምኽንሻብ/ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ምቑራጽ/ግዝረት

ምኽንሻብ ማለት ገለ ደጋዊ ክፋል ብልዕቲ ምቑራጽን ገለ ኽፋል ድማ ኣብ ሓደ ምስፋይ ማለት እዩ።

ውሽጣዊ ወይ ደጋዊ ክፋል ርሕሚ ብሓደ ምስ ዝስፈ ንእሽቶ መጥባሕቲ ክግበር ከምዘለዎ ክንመክር ንኽእል ኢና።

እቲ ናይ ምኽፋት መጥባሕቲ ዝግበር፡ እቲ ጻዕረ ሽንቲ ነዊሕ ግዜ ዚወስድ እንተ ኼይኑ፡ ኣብ እዋን ጽግያት ብዙሕ ስቓይ እንተ ኣልዩ፡ ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ ስቓይ እንተ ኣልዩ፡ ወይ ነፍሰጾር ክትወልድ እንተ ቐሪባ  እቲ ናይ መኽፈቲ መጥባሕቲ ቐሊል ክገብሮ ይኽእል እዩ።

ስቓይ ምእንቲ ኸይስምዓኪ ኣብ እዋን መጥባሕቲ መደንዘዚ ክወሃበኪ እዩ። ኣብዚ vulvamottagningen ከም ኣድላይነት ክንድግፍን ክንሕግዘካን ንኽእል ኢና ።



Redigerad 240415
VGR16328 tigrinja

## ሓገዝ የድልየካ ድዩ ?

ኣገልግሎት ጥዕና ቤት ትምህርቲ፡ ማእከል ኣገልግሎት መንእሰያት፡ ክሊኒክ መሕረስቲ ወይ ማእከል ጥዕና ናዓኻ ንምሕጋዝ ናባና መሰነይታ ወረቀት ክጽሕፉልካ ይኽእሉ እዮም። `ንስኻውን ንገዛእ ርእስኻ መሰነይታ ክትጽሕፍ ትኽእል ኢኻ። ንስኻ ንገዛእ ርእስኻ እትጽሕፈሉ መሰነይታ ኣብ Angereds närsjukhus

- www.angeredsnarsjukhus.se/egenremiss ክርከብ ይኽእል።

ሕቶታት እንተ ኣልዩካ ወይ ክትዘራረብ እንተ ደሊኻ ምሳና ኽትራኸብ ትኽእል ኢኻ ።

ንገዛእ ርእስኻ
እትጽሕፈሉ መሰነይታ

## ርክብ ሓበሬታ

**Angereds närsjukhus, Halmtorget 1, Angered**

ስልኪ ቁጽሪ: 031 – 332 69 02

- www.angeredsnarsjukhus.se/vulvamottagning

## 1177

ብናይ 1177.se ኣቢልካ እውን ክትረኽበና ትኽእል ኢኻ

*1177.se*






VÄSTRA
GÖTALANDSREGIONEN